# ከም ዝበልካኒ ይኹነለይ

ገብርኤል መልአኽ ሓደ ካብቶም ሊቃነ መላእኽቲ ዝኾነ ካብ ኣምላኽ ናብ ሓንቲ ድንግል ተላኢኹ ይብለና ቅ. ሉቃስ 1፡26። ቅ. መጽሓፍ ኣምላኽ ዝተፈላለዩ ልኡኻት ኣብ ደቂ ሰብ ከምዝልእኽ ይነግረና። ኣብ ገለ እዋን እግዚኣብሔር ባዕሉ ይዛረብ ንኣብነት ንኣብርሃም፥ ንሙሴ፥ ንብዙሓት ካብ ነብያት ኢሳያስ፥ ኤርምያስ፥ ዮናስ. . . ኣብ ሓዲስ ኪዳን ንጳውሎስ ባዕሉ ተዛሪብዎ። ንገለ ኸኣ ልኡኻቱ ይሰድድ መላእኽቲ ወይ ነብያት። እቲ ቀንዲ ነገር ነቲ መልእኽቲ ኣምላኽ ተቐቢልካ ምግባር እዩ። ማርያም ሓንቲ ካብቶም ንድላይ ኣምላኽ እኔኹ ኣነ ባርያ እግዚኣብሔር እየ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ (ሉቃ 1፡38) እናበለት ዝተቐበለት እያ። ከምቲ ኣብ ዕብ 10፡7 እንሆ ፍቓድካ ኽፍጽም መጺአ ኢሎኹ ዝበለ ክርስቶስ ንሰማያዊ ኣብኡ ማርያም ከኣ ንፍቓድ ኣምላኽ ከም ዝበልካኒ ይኹነለይ ኢላ መልሲ ሂባ።

ኣምላኽ ክሓትት እንከሎ ኩሉ ምሉእ ብምሉእ ተረዲእና ፈሊጥና እንቕበሎ ኣይ ኮነን እምነት ገርና ኢና እንቕበሎ እምበር ብምሉእ ንፈልጦ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ገለ እዋን እዚ ድአ ከመይ ኢሉ ክኸውን ኢልና ክንሓትት ንኽእል ክበርሃልና እምበር እምነት ኣጉዲልና ኣይ ኮናን ክንሓትት ዘሎና። ዘካርያስ ኣቦ ዮሓንስ መጥምቕ ጸሎትካ ተሰሚዑልካ እዩ እሞ ኣይትፍራህ ሰበይትኻ ኤልሳቤጥ ወዲ ኺትወልደልካ እያ ስሙውን ዮሓንስ ኢልካ ኽትሰምዮ ኢኻ ምስ በሎ፥ ዘካርያስ ኣነ ሽምጊለ እየ ሰበይተይ ከኣ መዋዕላ ኃሊፉ እዩ እሞ ነዚ ነገር እዚ ብምንታይ ክፈልጦ እየ (ሉቃ 1፡ 13-20) እናበለ ጉድለት እምነት ስለ ዘርአየ ክሳብ ወዱ ዝውለድ ዓባስ ኮይኑ። ማርያም ንዝተሓተቶ መብርሂ ሓቲታ ምስ ተገልጸላ ኣመነት። ስለዚ ኣምላኽ ንዝብለና ብእምነት ክንቅበል ኣሎና።

ሉቃስ ወንጌላዊ ሓደ ካብቲ ዓበይቲ ተኣምራታት ይነግረና። እዚ ምልክት ካብቲ ዝበለጸ ነገር ብኣና ኣቢሉ ዝግበሮ እሞ እንተ ኣፍቀድናሉ ዝገብሮ እዩ። ማርያም መልእኽቲ ኣምላኽ ምስ ሰምዐት ሰንቢዳ ኣነ ማንም ፍጥርቲ እሞ ሰብኣይ ዘይፈልጥ ኣደ ኣምላኽ ክኸውን ከመይ ኢሉ ይኸውን ኢላ ሓሰበት። እቲ መልኣኽ ግን እዚ ኣይትሸገሪ ብመንፈስ ቅዱስ ክኸውን እዩ ኢልዋ። ነገር ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ኣይኽበድኪ ኢልዋ።

ነገር ኣምላኽ ኣውንታዊ መልሲ ክንህበሉ እንተ ከአልና ጥራሕ ኢና ኣምላኽ ዝሕጎስ። ዮናስ ነብይ ኣምላኽ ናብ ሰብ ንነዌ ተለኣኺ ኢልዎ ንሱ ግን ኣብዩ ብኣንጻር ኣምላኽ ዝበሎ ተጓዒዙ ዝተጓነፎ ኣብ ትንቢቱ ንረኽቦ። ኣምላኽ ዝደልዮ ክነግረና እንከሎ ተራና ምስማዕ ጥራሕ እዩ። ደቂ ሰብ ምስማዕ ይከብደና እዩ ሽዑ ስኣን ምስማዕና ኣብ መከራ ንወርድ። ነብያት ተመለሱ እናበሉ ሰቢኾም፥ ቤተ ክርስትያን ቀንዲ ተልእኮኣ ንሰባት ተመለሱ ምባል እዩ። ቅ. ጳውሎስ ሎሚ እውን ንነግረኩም ኣሎና፤ ኣብ ኣምላኽ ብኣና ገሩ ይነግር ኣሎ ተመለሱ ይብል። ንመልእኽቲ ኣምላኽ ኣውንታዊ መልሲ ክትህበሉ ግቡእ እዩ።

ናይ ማርያም ሕራይ ምባል ንምሉእ ሕይወታ ቀይርዎ። ማርያም ብዘይ ናይ ኣምላኽ ሕቶ እውን ንሳን ዮሴፍን ወለዲ ምኾኑ ነሮም። ብምኽንያት ሕራይ ብምባላ ኣደ ጥራሕ ኣይኮነትን ልዕሊኡ ኣደ ኢየሱስ ኮይና። እቲ ልሙድ ሕይወት ቅዱስ ኮይኑ ብዝተገብረ

ዕድመ ንሳ አረጋጊጻቶ። ሕይወታ ዓሚቑ ግን ቅርጹ መብዝሕትኡ ከምዘሎ እዩ ተሪፉ። ከምዝኾነት ወላዲት እቲ ሕጻን ፍርቂ ለይቲ የተንስእ ነሩ። እሽታ ማርያም ንኹሉ ሕይወታን ንሕይወት ነፍሲ ወከፍና ሕራይ ክንብል አብነት ኮይንና።

ማርያም መደባታ ብምቕያሩ ሰንቢዳዶ ትኸውን? ወንጌል ሓንቲ አይብለናን ግን ሰንቢዳ ትኸውን እያ ምኽንያቱ ንመርዓ እያ ትሰናዶ ነሩ። አምላኽ መደብካ/ኪ ቀይረዮ አሎኹ እንተ ዝብለና እንታይ ምኾነ መልስና? ከም ባህሊ አይሁድ ሕጽይቲ ካብ ካልእ ክትጠንስ እንከላ በቶም መራሕቲ ሃይማኖት ከቢድ መቕጻዕቲ እዩ ዝወርዳ። ማርያም አብዚ ጽቡቕ አብነት እያ እትህበና ነቲ አምላኽ አብ ዘይመደብናዮ ጊዜ መጺኡ ክሓተና እንከሎ ክንህቦ ዘሎና መልሲ። አምላኽ ወላ እኳ ሕይወት ማርያም ጨሪሹ ይቐይሮ፥ ሕይወታ አብ ዝበለጸን ዘፍርሕን እንተ ጸወዓን ወላ እኳ ማርያም ሕይወታ ከምቲ ንሳ ዝተጸበየቶ ወላ ይኹን ብዘይ ሓደ ስግአት ንገዛእ ርእሳ ብምሉእ እምነት አብ አምላኽ ብነጻ አወፍያ።

ናይ አምላኽ ጸጋ ካብዝኾነ ኽገጥመና ዝኽእል ዘየቕስን ይበልጽ። አምላኽ ወዱ ካብ ማርያም ክውለድ ሓርይዋ። ብኻልእ ከአ ነቲ ካብ ህዝቢ ዝመጽእ ሕፍረት ክትቅበሎ ክትጸሮ ዮሴፍ ሕጹያ እንታይ ክብል እዩ? አዝማደይ ዝፈልጡኒ እንታይ ክብሉኒ እዮም እናበለት ከም ሰብ ከም ዝሓሰበት ፍሉጥ እዩ፥ ግን ልዕሊ ኩሉ ንአምላኽ ርእያ ስለ ዝኽአለት ንኹሉ ክኢላቶ፥ ነጻ ኮይና ነቲ አምላኽ ዝሓተታ ቅኑዕ መልሲ ሂባ። አብ ዝኾነ ከቢድ ጸገምን ኩነታት እንከሎና አብ እምላኽ እምነት ክህልወና ይክአል እዩ፥ ምኽንያቱ ንአኡ ዝሰአኖ የለን ክፈትሖ ዝኸብዶ እውን የለን፥ ልዕሊ ሓይሉ ዝኸውን ጸገም የለን። ንሱ ኩሉ ዝኽእል ንዝደልዮን ንዝበሎን ዝገብር እዩ አምላኽና። አብ ባህሊ ሰብ እንታይ ክብለኒ እዩ ኢልና አብ ፍርሒ ክነብር የብልናን ነቲ አምላኽ ዝገልጸልና ደፊርና ክንገብሮ አሎና።

ማርያም ምስ አምላኽ ጥቡቕ ርክብ ነርዋ እዩ። እዚ ርክብ እዩ ነቲ አምላኽ ዝሓቶ ዘሎ ከም እትአምንን ሕራይ ክትብል ዘኽአላ። ንሳ ካብ ንእስነታ ንእግዚአብሔር አብ ኩሉ ትአምን ነራ። አብዚ ፍሉይን ዘፍርሕን ኩነታት እውን ክትምልስ ክኢላ። ምስ አምላኽ ጥቡቕ ርክብ ክህልወና እንከሎ ነቲ ሓቀኛ መልሲ ምሃብ አይከብደናን እዩ። መልስና ዘጠራጥር ወይ ዘይቅኑዕ ዝኸውን ምስ አምላኽ ርክብ ዘይብልና ክንከውን ከሎና ጥራሕ እዩ።

አብ ገለ እዋን ኢየሱስ አብ ሕይወትና ከቢድ ኩነታት ወይ ጸገማት ከቕርበልና ይክእል እዩ፥ በዚ ኸአ አብ ስምዒትን ሕቶን ንአቱ። ከመይ ኢልና ንምልስ? ንቍጣዕዶ፥ ንፈርሕዶ ዓቕልናዶ ነጥፍእ? ካብ አምላኽዶ ንርሕቕ (ካብ ቤተ ክርስትያን ካብ ሰብ ካብ ጸሎት፥ ካብ ምስጢራት)፥ ቀስ ብቐስ አብ ልብና ተመሊስና አምላኽ ምስና ከምዘሎዶ ንአምን? አምላኽ ከም ዝመርሓናን ጸግኡ ከም ዝህበና ንአምንዶ? እዚ ብሓቂ ክንሓስበሉ ዘሎና እዩ። ከቢድ ነገራት ምስ አምላኽ ዘሎና ርክብ ዝፈታተን ኽገጥመና እንከሎ እምነት ገርና አብ አምላኽ ንጸጋዕ።

አብ መዓልታዊ ሕይወት ብዙሕ ዋጋ ዘይብሎም ዝመስሉ ንአሽቱ ነገራት ይገጥሙና እዮም። ግን ብልቢ ብመንፈስ ተአዝዞ ብሓባር ክንገብሮም ከሎና አብ ዝበለጸ ነገር ይልወጡ። ሓደ

መዓልት ኣምላኽ ንሓደ ፍሉይ ነገር ብእምነት ክንቅበሎ ወይ ክንገብር ክሓተና እዩ። ኣብ ከምዚ ልብና ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነት ኮን ትህሉ? ንእግዚኣብሔር ሕራያ ክንብል ቅሩባትዶ ንኸውን ወላ እቲ ዝሓተና ክኸውን ዘይክእል ኮይኑ ዝርአየና እንተ ኾነ? እግዚኣብሔር ኣብ ሕይወት ማርያም እዚ ተኣምራታዊ ነገር ኽገብር ካብ ከአለ ኣብ ሕይወትና ኽገብሮ ዝኽእል ተኣምረታዊ ነገር እስከ ንሕሰብ። ኣምላኽ ኣብ ልብና ይዛረበና፥ ቃላቱ ብሓይሉ ዝተደገፈ እዩ። እንሰምዖ ዘሎና ገለ ነገር ካብ እግዚኣብሔር ከምዝመጽእ ዘሎ ገርና እንተ ሓስብና፥ ብሓቂ ካብ እግዚኣብሔር ከምዝኾነ ክንፈልጥ ሰለስተ መገድታት ኣሎ፡

1. ቃሉ እንተ ኾነ። ካልእ ድምጺ እውን ንሰምዕ ኢና። ድምጺ ቃል ኣምላኽ ኣለሊኻ ምኽኣል።
2. ነቲ ንሱ ዝህበና ሓላፍነታት ነቶም ኣብ ሕብረተሰብ ጽጉማት ንዝኾኑ ክንግደሰሎም። ዝውሃበና ኩሉ ንኣገልግሎት ካልኣት እዩ።
3. ዝኾነ ተጽዕኖ ወይ ቃንዛ/ስቓይ ንሱ ዝሓተተና ዘምጽኣልና ኣሎ። ንመልእኽቲ ኣምላኽ ሕራይ ብምባልና ክንሳቐ ክንዋረድ ኢና።

እምነትና ኣብ ኢየሱስ እንተ ገበርና ኣባና ክመጽእን ኣባና ክነብር እንተ ኣፍቀድና ከም ማርያም መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጣ ክሰርሕ ዘፍቀደት መንፈስ ቅዱስ ኣባና ይመጽእ እሞ ሕይወት ኢየሱስ ኣብ ውሽጥና ይውለድ። ኣብ ሕይወትና መንፈስ ቅዱስ ክወርድ መጀመርያ ሕራይ ክንብል ኣሎና። ሕራይ ዝብል ቃል ምሉእ ብምሉእ እሽታኻ ንኣምላኽ ምግላጽ እዩ። ንኹሉ ነገርካ ንኣምላኽ ሂብካ ሕራይ ምባል። ኣብ ገለ እዋን እቲ ዝሓተና ከቢድ ክኸውን ይኽእል ወላ እውን ብዓቕምና ክንርድኦ ዘይንኽእል ክኸውን ይኽእል ኣብዚ እዩ እምነት ገርና ሕራይ ክንብል ዘሎና።

ከም ማርያም ብከቢድ ጊዜ እንሓልፍ ዘሎና ክንከውን ንኽእል ኢና ግን ከኣ ኣብ ማእከል መደብ ኣምላኽ ክንህሉ ኣሎና። ኣምላኽ ዝደልዮ ሕይወት ኣብ ኣምላኽ ዘይብሉ ዓለም እንነብር ክንከውን ይክእል። ናዝረት ዘይትፍለጥ ድኽምቲ ብኃጢአታ እትፍለጥ እያ ከምኡ ልክዕ ኣብ ዓለምና እውን ከምኡ ክህሉ ይክእል። ንሕና ከም ማርያም ኣባላት መደብ ኣምላኽ ብርሃኑን ፍቕሩን ኮና ነዛ ብኽፍኣት ብውግእ ብኸቢድ ፈተናታት እትሓልፍ ዘላ ዓለምና ክነብጽሓላ። ነፍሲ ወከፍና ዝተፈለ ተራ ኣሎና እንጻወቶ ኣሎና ወላ ሓደ ካባና ዘይጠቅም ዝብሃል የብልናን። ንገዛእ ርእስና ኣብቲ እግዚኣብሔር ኣብ ዓለም ዝገብሮ ከም ትጉሃት ተጻወቲ ገርና ክንርኢ ይኸብድ ይኸውን ግን ብርሃን እምነት ኣምሪሕና ንጉዓዝ። ሕራይ ምባል ማለት ንጸገማትን መከራን እትብድህ እንክኸውን፥ እግዚኣብሔር ኩሉ ጊዜ ነቲ ኣባና ዘለዎ ሃረርታ ብተኣዝዞ ምስ መረጽና ምስ ደገፈና እንገብሮ እዩ ።

ንገዛእ ርእስና ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ እንተ ኣቕረብናን ነቲ ኣምላኽ ዝሓቶ ዘሎ ክንሰምዕ ክፉታት ክንከውን ከሎና ኣብ መንጎ ነውሕ መስመር ናይ እቶም ዝገበሩ እሙናት ህዝቢ ኣሎና። ሽዑ ንገዛእ ርእስና ነጻ ኮይና ንክልቲኡ ንንኣሽቱ ናይ ምግዳስ ተግባራትን ርሕራሐን ዓበይቲ ነገራትን ክትገብር ክንረኽባ ኢና። ነቲ ኣምላኽ ምእንታና ኢሉ ኣብ መኽዘን ዘንበሮ ሓጎስ ክንቅበል ስንድዋት ክንከውን ፥ ነቲ ንሱ ክንገብሮ ዝደልየና ክንገብርን ነቲ ንሱ ዝመደበልና ክንገብር።

ነፍሲ ወከፍ ተልእኮ ኣብ መደብ ኣምላኽ ይኣቱ እዚ ንሕና ክንርድኦ ብዘይንኽእል ክኸውን ይክእል። እንገብሮም ነገራት ብክኢላታት እንተ ገበርናዮምን ብዓቢ ተወፋይነት ንግበሮም ዘገድስ ኣይ ኮነን። እግዚኣብሔር ዝደልዮ ውሕልናት ተግባራትና ዘይኮነ ካብ ልብና ዝነቐለ ፍቕሪ እዩ ዝደልዮ። ሓደ ሰብ ንኣምላኽን ንጎረበቱን ናይ ምፍቃር ዓቕሚ እንተ ኣለዎ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እቲ ቀንዲ ናይ ድሕነት መገዲ እዩ። ክንዝክሮ ዘሎና ምስ ኣምላኽ ፍቕሪ ከም ክልተ ብልሒ ዘለዎ ሴፍ እዩ። እግዚኣብሔር ምሕረት የቕርበልና ግን ቀሊል ሕይወት ኣየትስፍወናን። ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘሎና እምነት ጽንዓት ከምቲ ንማርያም ዝሃባ ንሕና እውን ኣብ ቃሉ ምሉእ እምነት እንተ ገበርና ጽንዓት ክህበና እዩ። ማርያም ምሉእ ሕይወት ኣብቲ ኣምላኽ ዘተስፈዋ ዝተጠቕለለ ስለ ዝኾነ ንዝኾነ ዝጓነፉ ፈተና ወይ ጸበባ ኣኽኢልዋ። ንሳ ኩሉ ክብሪ ንኣምላኽ ሂባ፥ ኣብቲ ዘቕረበቶ ጸሎት ከምዝተራእያ ነቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊኣ ዝገበሮ ዓበይቲ ነገራት ኣመስጊና። ንሕና እውን ኩሉ ናትና ዘበለ ኣብቲ ኣምላኽ ዘተስፈወና እንተ ገበርና፥ ንኣምላኽ ክብሪ እንተ ሃብና፥ ነቲ ኪዳኑ ኣጽኒዑ ዝጸገወና ኣምላኽ እንተ ኣመስገና ንዝኾነ ኣብ ሕይወት ዝገጥመና ፈተና ብርግጽነት ክንወጽኦ ኢና።

ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዓበይቲ ዝገብሩና ልክዕ ከምቶም ኢየሱስ ዘርኣየና ትሕትና፥ ርእሰ መስዋዕትነት፥ ፍጹም ተኣዝዞ ክሳብ ሞት ክንገብር ከም ዘሎና ተረዲእና ንጉዓዞ ማርያምን ኢየሱስን ምስዓብ እዩ። ማርያም ንኣምላኽ ነዞም ዝተጠቕሱ ኣብ ሕይወታ ብምልኣም ኣርእያ በዚ ኸኣ ካብ ወዳ ክብሪ ረኺባ። እታ እንኮ ናይ ክብሪ ቦታ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ቦታ ኣገልግሎት እያ። ንሕና እውን ነዞም ኢየሱስን ማርያምን ዘርኣዩና ምልክታት ብእምነት ክነርኢ እንተ ከኣልና ኣምላኽ ክክሕሰና እዩ።

ቅ. ዮሓንስ ጳውሎስ ፪ይ ኣብዚ ናይ ማርያም ሕራይ ማርያም ክትንትትኑ እንከለዉ እምንቲ ድንግል ይብልዋ። እዚ ናይ ማርያም እምንቲ ምዃን ዝብል እንታይ ማለት እዩ? መለክዒታት ናይ እዚ እምንቲ ምዃን እንታይ እዮም?

ቀዳማይ መለክዒ ምድላይ search። ማርያም እምንቲ እያ፥ እዚ ኸኣ ንመደብ ኣምላኽ ኣብ ሕይወታን ኣብ ዓለምን ብፍቕሪ ተደሪኻ ሃረር ትብሎ ነራ። እዚ ኸመይሉ ይከውን እናበለት ነቲ ዘበሰራ መልኣኽ ሓቲታ።

ካልኣይ መለክዒ እምንቲ ምዃን ማርያም ምቕባል reception, acceptance. ማርያም ብዕሊ ከም ዝበልካዮ ይኹን ክትብል እንከላ ደምዲማቶ። ፍቓደኛ እየ እቕበሎ ኢሎኹ። እዚ ቀንዲ ህሞት ናይ እምነት ኣብዚ እዋን ዝኾነ ሰብ ነቲ ከመይ ዝብል ብምሉእ ክርድኦ ዘይኽእል፥ ኣብ ናይ ኣምላኽ መደብ ብዙሓት ንጹራት ዘይኮኑ ምስጢራት ከምዘለዉ ተረዲእካ ምቕባል። ኣብዚ ነቲ ምስጢር ብምልኡ ክትርድኦ ዘይክእል እዩ።

ሳልሳይ መለክዒ Consistency ናይ እሙን ምዃን ቀጺልካ ነቲ እትኣምኖ ብእኡ መልክዕ ምንባር፥ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ነቲ ዝተቐበልካዮ ምስ ሕይወትካ ምውህሃድ።ንዘይምርድድኣት ን ስደት ምቕባሉ ኣብ ክንዲ ኣብ መንጎ እትኣምኖን እትገብሮን ካብ ምፍላይ። ዝመጽእ

ይምጻእ ኣብቲ ዝኣመንካዮ ብግብሪ ምንባሩ። ኩሉ እምነት በቲ ዘመዓራሪ ፈተና ክሓልፍ ኣለዎ።

ራብዓይ መለክዒ constancy ናይ እሙን ምኳን ጽንዓት። ንሓደ መዓልቲ ወይ ክልተ እሙን ምኳን ቀሊል እዩ። ንምሉእ ሕይወትካ ጽኑዕ ምኳን ግን ብርቱዕን ኣድላይን እዩ። ኩሉ ነገር ከም እትደልዮ እንከሎ ጽኑዕ ምኳን ቀሊል እዩ፥ ኣብ ጊዜ ከቢድን ጸቢብ እዋን ግን ብሓቂ ከቢድ እዩ። እቲ ኣብ ምሉእ ሕይወትካ እተርእዮ ጽንዓት እዩ እሙን ከብለካ ዝኽእል። ናይ ማርያም ሕራይ ምባል ኣብ ጊዜ ብስራት ገብርኤል መልኣኽ ኣብቲ ብሱቕታ ሕራይ ዝበለቶ ምልኣት ረኺቡ፥ ኣብ ትሕቲ መስቀል ከአ ደጊማቶ። (ስብከት ኣብ ከተማ መክሲኮ ርእሰ ኣድባራት ጥሪ 26 1979) ።

ሎሚ ንሕና ንኣምላኽ ኣሰር ማርያም ኮና ሕራይ ክንብሎ ከምዘሎና ተረዲእና መብጽዓና ክንሕድስ። ንዝተበሃልካዮ ክትገብር ሕራይ ምባል መጀመርያ ነቲ ብሃላይ ተኸብሮ ኣሎኻ ንስኻ እውን ትሕትና ለቢስካ ክትገልግል ፍቓደኛ ትኸውን ኣሎኻ ማለት እዩ። ናይ ማርያም ሕራይ ምባል ንዓለም ሓደ መልክዕ ድሕነት ዕርቂ ምስ ኣምላኽ ኣምጺኡ። ክርስቶስ መንጎኛ ኮይኑ ካብ ማርያም ተወሊዱ ዕርቂ ሰማይን ምድርን ኣውሪዱልና።

ከም ጓል ማርያም ከም ወዲ ማርያም ሕራይ ክብሎ ዘሎኒ እንታይ ኣሎኒ ኢልና እስከ ንሕተት። እዛ ዓመት ነቲ ማርያም ነፍሰይ ንኣምላኽ ተዕብዮ ዝብል ብፍሉይ ክነስተንትን ተባሂሉ ኣሎ። ንኣምላኽ ምኽባር ምዕባይ ማለት ቃሉ ምስማዕ መገዲ ቅድስና ምጉዓዝ፥ ምስጢራት ቤተ ክርስትያን ምስታፍ ብፍላይ ኣብ መኣዲ ቅ. ቊርባን ምስታፍ ማለት እዩ።

ንሓደ ሓውና ወይ ሓፍትና ለሚናዮ እንተ ኣበየና/ ኣበየትና ማርያም ሕራይ ትበልካ ህራይ በለኒ ንብሎ። ከምቲ ማርያም ህራይ ኢላ ነገራት ዝቐየረት ናተይን ናታትኩምን ሕራይ ምባል መጀመርያ ንግላዊ ሕይወትና ንስድራና ንቤተ ክርስትያና ንሃገርና ክልውጥ እዩ። ሎሚ እምብኣር ንኣምላኽ ንዝበልካኒ ክገብር ኣሰር ማርያም ኮይነ ሕራይ እብል ኣሎኹ ንበል።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።